ቅዱስ ዮሓንስ እውን ኣብታ ቀዳመይቲ መልእኽቱ ኣነጺሩ *“ንሕና ካብ ኣምላኽ ኢና፣ ንኣምላኽ ዚፈልጥ ይሰምዓና፣ እቲ ካብ ኣምላኽ ዘይኮነ ኣይሰምዓናን እዩ። ንመንፈስ ሓቅን ንመንፈስ ሓሶትን ከኣ በዚ ኢና ንፈልጦ”* (1ዮሓ 4:6) ብምባል መንነት ኣመንትን ዘይኣመንትን ሓቀይናታትን ሓሰውትን ይገልጸልና። ኣብዚ ዓለም ከሳዕ ዘሎና ባህሊ ሓቅን ባህሊ ሓሶትን ነናብ ወገነን ከስሕባና ይጽዕራ እየን። ነፍስወከፍና እምበኣር *“ኣነ ካበየናይ ጋንታ ከኸውን እደሊ?”* ብምባል ኣቓምና፡ ከነነጽር ንጽዋዕ ኣሎና። መንገዲ ሓሶት ገፋሕን ቀላልን እያ መንገዲ ሓቂ ግን ጸባብን ጽንክርትን እያ። *“በታ ጸባብ ኣፍደገ እተዉ፣ እታ ናብ ጥፍኣት እትወስድ ኣፍደገ ርሕብቲ መንገዳውን ገፊሕ እዩ፣ እቶም ብኣኣ ዚኣትዉ ድማ ብዙኃት እዮም። እታ ናብ ሕይወት እትወስድ ኣፍ ደገ ግና ጸባብ እያ፣ መንገዳውን ቀጢን እዩ፣ እቶም ዚረኽቡዋ ከኣ ውሑዳት እዮም”* (ማቴ 7:13-14)። ኩሉ ጽቡቕ ነገር ዋጋ ኣለዎ። ሓቂ ፍትሒ ርትዒ ምግባር ይኽፈሎ እዩ። ኣብ መጨርስትኡ ግን ከም መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ወሰን ዘይብሉ ዘለዓለማዊ ዓወት ከምእንጐናጸፍ ይገብረና። ነዚ ከንቅበሎ ግን ብድልዱል እምነት፣ ብዓሚቝ ፍቕሪ፣ ብነቕ ዘይብል ተስፋ፣ ክንድገፍ ኣድላዪ እዩ።

ንኣብነት፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ሚእቲ ዓመት፥ ክልተ ዓበይቲ ሓሶታት ዝመሃሩ፣ ማርክስን ኤንግልን ዝበሃሉ ውሩያት ፍላስፋታት  እዮም። ካብቲ ኩሉ እዞም ሰባት እዚኣቶም ዝጸሓፍዎን ዝመሃርዎን እታ ቀዳመይቲ ዓባይ ሓሶት፣ *“ኮሙኒዝም ክዕወት እንተ ኮይኑ ናይ ውልቂ ተበግሶ ወይ ዋንነት ዝበሃል ክጠፍእ ኣለዎ። ኩሉ ብሃገር ወይ ብሰልፊ ተወኒኑ ክምራሕን ክመሓደርን ክዕደልን ኣለዎ። ከመይ፣ እቲ ቅኑዕን ዘዓውትን ትምህርቲ ኮነ ሕክምናን፣ ኮታ፣ ዝኾነ ሰብኣዊ ሓገዝ፣ ምጽዋትውን ክይተረፈ ብእኡ ጥራይ ክወሃብ ከሎ እዩ ኣድማዒ ዝኸውን”* ዝብል ፍልስፍና እዩ። እንተኾነ፡ ብሕጊ ደኣ ይመራሕ እምበር ናይ ግሊ ተበግሶን ዋንነትን ናይ ናጽነትን ጥዑይ ውድድርን መንፈስ ብምፍጣር ንሃገር ዝያዳ ዘበራብርን ዝሓንጽን ኮይኑ እዩ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍላት ዓለም ተረኺቡን ዝርከብ ዘሎን። እቲ ካልኣይ ዓብይ ሓሶት ድማ፣ *“ሃይማኖት ሓሸሽ ወይ መደንዝዚ፡ ፈላላዪ ሕዝብታት እዩ። ስለዚ በብቑሩብ ክዳኸም ጥራይ ዘይኮነ ጠቕሊሉ ክጠፍእ እውን ኣለዎ። እቲ ሓደ ጭቡጥን ሓቀይናን ምንጪ ሓጐስ ዓለማውነትን ዓለማዊ ሀብትን፡ ምድራዊ ምዕባለን ጥራይ እዩ”* ዝብል እዩ። ንርእሱ ሃይማኖት ግን ፈሪሃ እግዚኣብሔርን ቅኑዕ ስነ ምግባርን ይምህር፣ ንኃሊና የንቅሕ፣ እምበር ኣየደንዝዝን እዩ። ኣብ ሃገርናውን እንተኾነ፣ ክርስትናን እስልምናን ንሕዝብና ዓሚቝ ፈሪሃ እግዚኣብሔርን፣ ቅኑዕ ክብሪ ደቀሰብን፡ ስለዘሕደራሉ ደኣ እምበር፣ ኃይልታት ጸጥታ ስለዝተቖጻጸርዎ ኣይኮነን ቅትለትን ስርቅን ካብ ካልኦት ሃገራት ኣዝዩ ውሒዱ ዝርከብ። ንሕዝብና፣ ክርስትያን ኮነ እስላም፡ ሎሚ ደኣ ቁሩብ ላሕሊሓ ከይትኸውን እምበር፣ እታ ብሃይማኖት ዝተኾስኮሰት ኅሊናኡ እያ እትመርሖን እትገርሖን። ነዚ ክልተ ዓበይቲ ሓሶታት ኣብ ግብሪ ንምውዓል ካብ በዓል ማርክስን ኤንገልን ለኒንን ጀሚርካ ኣብ ብዙኅ ቦታ ተፈቲኑ እዩ። ብሰንኩ እውን ክንደይ ሕይወትን ንብረትን ጠፊኡ እዩ። ብርግጽ ንናይ ግሊ ንብረትን ተበግሶን ብቅኑዕ መንገዲ ዘይጥቀሙሉ ወይ ንሃይማኖት መሳርሒ ዝግብርዎ ሰባት ኣይስኣኑን እዮም። እዚ ግን፣ ነቲ ናይ ውልቂ ተበግሶን ዋንነትን፣ ንሃይማኖትውን እንተኾነ፣ ክፉኣት ወይ ንምዕባለ ደቅ ሰብ ዘይጠቕሙ ኣይገብሮምን እዩ።

እሞኸ ደኣ ሓቂ ኣብዚ ምድሪ ጠፊኣ፡ ብፍጹም ኣይትርከብን ማለት ድዩ? መጀመርያ *“ኣምላኽ ምንጪ ኩሉ ሓቂ ምኳኑ ብሉይ ኪዳን ዘረጋግጾ ሓቂ እዩ። ቃሉ ሓቂ እዩ። ሕጉ ሓቂ እዩ። ተኣማንነቱ ንውሉድ ወለዶ ይነብር። “ኣምላኽ ሓቀይና ስለዝኮነ እቶም ኣባላት ሕዝቡ'ውን ኣብ ሓቂ ንክነብሩ ዝተጸውዑ እዮም”* (መ.ሃ. ቍ 2465)። መጽሓፍ ጥበብ ሰሎሙን *“እቶም እምነቶም ኣብ እግዚኣብሔር ዘውደቑ፣ ነታ ናቱ ዝኾነት መንገዲ ሓቂ ኪርድእዋ እዮም። እቶም እሙናቱ ከኣ ኣብ ፍቕሩ ጸኒዖም ኪነብሩ እዮም። ከመይ ኣምላኽ ነቶም ባዕሉ ዝኃረዮም ብምሕረትን ብለውሃትን እዩ ዝጓሰዮም”* (መጽ. ጥበብ 3:9) ክብል ከሎ፣ ምስ እግዚኣብሔር ንጐዓዝ እንተኮይንና ወገን ሓቂ፣ ምስ ሰይጣን ንጐዓዝ እንተኮይንና ከኣ ወገን ሓሶት ንኸውን ማለት እዩ። በዚ እዩ ዘካርያስ ነቢይ *“እምበኣርሲ ሓቅን ሰላምን ኣፍቅሩ”* (ዘካ 8: 19) ብምባል ዘተባብዓና። ንጊዚያውን ሓላፍን ጠቕሚ ኢልና ሓሶት እንተመረጽና ውዒልና ሓዲርና ከምእንጠዓስ ፍሉጥ እዩ። ከምቶም መቃባውያን *“እግዚኣብሔር ኣምላኽ ይርእየና ኣሎ፣ ብርግጽ ከኣ ብርኅራኄ ይጥምተና ኣሎ ” ከምቲ ሙሴ ኣብ መዝሙሩ ‘እግዚኣብሔር ንኣገልገልቱ ይርኅርኃሎም እዩ’ እናበለ ኣንጻር እቶም ኣሕዛብ ኣብ ገጾም ዝተዛረቦ ኪርኅርኃልና እዩ”* (2መቃ 7:6) ኣብ ዝብል ጽኑዕ እምነት እንተ ተመርኲስና ግን፣ ኣብ ሓቂ ምንባር፡ ንሓቂ ምምስካር፡ ንሓቂ ዝግባእ ክብሪ ምሃብ፡ ተጻይ ሓቂ ንዚፍጽም በደል ከኣ ዓገብ ምባል ኣይከፍርሃናን እዩ። *“ኣነ ንሓቂ ኪምስክር እየ ዝመጻእኩ፣ ወገን ሓቂ ዘበለ ኩሉ ከኣ ድምጻይ ይሰምዕ እዩ። ጲላጦስ ከኣ ‘ሓቅኸ እንታይ እዩ’ በሎ”* (ዮሓ 18:37-38)። ጲላጦስ ሕቶ ደኣ ሓቲቱ እምበር ካብ ኢየሱስ መልሲ ኣይተጸበየን፣ ከመይ ነታ ሓቂ እንተፈሊጡዋ ክትብድሆ ክተወቕሶ እያ። ስለዚ እንተ ዘይፈልጥኩዋ ይሕሸኒ ኢሉ ጐስዩዋ ሓሊፉ። መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ንሓቂ ምፍላጥ ዓብይ ጸጋ ምኳኑ የረጋግጸና። ኣነጺሩ ድማ *“ንሓቂ ክትፈልጡዋ ኢኹም፣ እታ ሓቂ ድማ ሓራ ከተውጽኣኩም እያ”* (ዮሓ 8:32) ክብለና ይርከብ። ሓቂ ጽድቂ እያ ተልብሰና ማለት እዩ።

እዚ እዩ ንቅዱስ ጳውሎስ እውን *“ነቲ ኣረጊት ሰብነት ምስ ኩሉ ግብሩ ቀንጢጥኩም፣ ነቲ ንእሉ ምእንቲ ኪፈልጥ እቲ ፈጣሪኡ በርኣያኡ ዚሕድሶ ዘሎ ሰብነት ዝለበስኩም ስለዝኾንኩም ንሓድሕድኩም ኣይትተሓሳሰው”* (ቈላ 3:9-10) ክብል ዝደረኾ እቲ ክርስቶስ ዘበገሶ ባህሊ ሓቅን ጽድቅን ናጽነትን እዩ። ደጊሙ ቅዱስ ጳውሎስ፣ *“እምበኣር ኩልና ናይ ሓደ ሰብነት ኣካላት ስለዝኾንና፣ ነፍስወከፍ ሓሶት ምዝራብ ገዲፉ ምስ ብጻዩ ሓቂ ይዛረብ”* (ኤፌ 4:25) ይብለና። *“ሓሶት ንኅብረተ ሰብ የዕኑ። ኣብ መንጎ ሰባት ንዚህሉ ምትእምማን የጥፍእ። ሕንጻ ማኅበራዊ ርክብ የፍርስ”* (መዝ. ሃ. ቍ 2486) ስለዝኾነ ብዝከኣለና መጠን ነፍስወከፍና *“ክቡር ነገር ክዛረብ እየ እሞ ስምዑ፣ ዝነግረኩም ዘበለ ቅኑዕ እዩ። ዝዛረቦ ዘበለ ሓቂ እዩ፣ ሓሶት ንዘበለ ድማ እጽየፎ። ዘረባይ ኩሉ ሓቂ እዩ፣ ዘጋጊ ወይ ሓሶት የብሉን”* (ምሳሌ 8:6-8) እንብለሉ ሓዲስ ዓመት ራህዋን፣ ፍትሕን፣ ሓቅን፣ ይግበረልና። ንኩልና ቡሩኽ በዓላት ሓንስ መስቀል ይኹነልና።

ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም፡

ሊቀ ጳጳሳት ዘበኣሥመራ